**መግለጺ**

# ጾረ-ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ

## እዚ ቃለ-መግለጺ ንምንታይ እዩ?

እዚ መግለጺ እዚ ሒዝካ ናብ ወጻኢ ሃገር ምኻድ ይከኣል እዩ። ንስድራቤትካ ከትርእዮም ትኽእል። እዚ ንጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ብሕጊ የቕጽዕ ምኳኑ የነጽር። ጓሎም እንተ ዳኣ ኣኽንሸቦም ናብ ቤት ማእሰርቲ ክኣትው እውን ይኽሉ እዮም። ናብ ወጻኢ ሃገር ኣብ እትገሽሉ እዋን ነዚ መግለጺ ሒዝክሞ ንኽትጓዓዙን ንከይትርስዕዎወን ምስ ፓስፖርቲኹም ኣቀምጥዎ።

## ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ብሕጊ የቕጽዕ

**ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ብሕጊ የቕጽዕ እዩ:: ምኽንያቱ ሓደ ካብቶም ንመሰላት ደቂ-ኣንስትዮ ዝግህስ ተግባራት ስለዝኾነ:: ስለዚ ምኽንሻብ ሕጻን-ቆልዓን ደቂ-ኣንስትዮን : ሰብኣዊ መሰላት ምግሃስ እዩ:: ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ኩሉ ዓይነት ምኽንሻብ : ብሕጊ ክልኩል እዩ:: እዚ ሕጊ'ዚ ንኹሉ ኣብ ኔዘርላንድ ዝነብር ዜጋ : ከምኡውን ነቶም ፍቓድ መቐመጢ - ወረቐት ዜይብሎም ከምዝኾነ ይሕብር።**

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ገበን ከምዝፈጸምካ ተቖጺሩ ብሕጊ የቕጽዕ :: እዚ መቕጻዕቲ ስጋብ 12 ዓመት ከእስረካ ይኽእል። እቲ ምኽንሻብ : ብወለዲ ናይታ ቖልዓ እንተተፈጺሙ : እቲ መቕጻዕቲ ብዝለዓለ መልክዑ ይትግበር (ብመሰረት ወንጀል- ሕጊ ዓንቀጽ 300 ካሳብ 304 )።

## ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ብጣዕሚ ጎዳኢ እዩ።

**ምኽንሻብ : ኣብ ልዕሊ ጥዕና ደቂ-ኣንስትዮ ከቢድ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል። ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ : ጥዕናውን ስነ-ኣእምዊሮን ጸገማት የኸትል :: በዚ ምኽንያት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ መጠን ንላዕሊ ደም ክፈሰን ወይ ረኽሲ ክገብረለን ይኽእል፡ ኣስዒቡ'ውን ስጋብ ረዚን ሕማም ወይ'ዉን ሞት የብጽሖን።**

ድሕሪ ምኽንሻብ'ውን : ደቂ-ኣንስትዮ ቀጻሊ ናይ ጥዕና ስቓይ ከጋጥመን ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ግዜ ሽንቲ ይሳቐያ፡ ጸገም ጽግያት፡ ሽንታዊ ረኽሲ፡ ናይ ምፍራይን ኣብ ጊዜ ሕርሲ'ውን ጸገም የጋጥመን ኢዩ። ከምኡ'ውን ጉሁያት ይኾና:: ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ብሰንኪ ምኽንሻብ ግዳያት ኮይነን ምሉእ ዕድሜኤን ይሳቐያ : ናይ ጥዕና ጸጋማት'ዉን የስዕበለን።

ወለዲ ጓሎም ኣብ ወጻኢ ወሲዶም ዘኽንሸቡ ብሕጊ ክቕጽዑ ኢዮም።

እቶም ፈጸምቲ ቤተ-ሰብ ይኹኑ ፈለጥቲ፣ ኣዕሩኽ፣ ኣብ ሆላንድ ዘይቕመጡ እውን እንተኾኑ ሕጊ ዘረኻኽበሎም ምኽኑ ብሕጊ ሆላንድ ክቕጹዑ ከምዝኽእሉ ተረጋጊጹ ኣሎ።

ጓሎም ብምኽንሻብ ዝተፈርዱ ወይ ዝተቐጽዑ ስድራቤት እሞ ናይ ሆላንድ ፓስፖርት ዘይተቐበሉ እንተኾይኖም ኣብ ሆላንድ ናይ ምቕማጦም/ምጽንሖም ዕድል እውን ክህልዎም ክምዘይክእል ክፍለጥ ኣለዎ።

እዚ መግለጺ እዚ : ብዝተኻእለ መጠን ንደቂ-ኣንስትዮ ካብ ምኽንሻብ ንምክልኻል ዝሓለነ ኮይኑ: ብእኡ መሰረት ደቂ-ኣንስት ጽቡቕ ኣካላውን ኣእምሮዊን ዝመልኦ ጥዕና ሒዘን ክዓብያ የብቀዐን::

ምስ ሰላምታ

ሚኒስተር ጥዕና፡ ማሕበራዊ ድሕነትን ስፖርትን
ሁጎ ደ ዮንገ

ማነስተር ምክልኻል ሕገ፡

## ሕቶ ኣሎኩም?

ንምኽንሻብ ወይውን ነዚ መግለጺ ዝምልከት ሕቶ ኣለኩም? እንተድኣ ኮይኑ፡ ምስ ዶክተር ወይ ነርስ ኣብ ሓኪም ቤት ወይ ምስ ምምሕዳር ጥዕና ኣገልግሎት ቆጸራ ግበሩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ዝስዕብ እንግሊሽ ገጻት ተመልከት **www.meisjesbesnijdenis.nl** ን **www.tegenvrouwenbesnijdenis.nl.**

እዚ ምሕታም ካብ ...

**ናይ ሓለዋጥዕና፡ ድሕነትን ስፖርትን ሚኒስተር**

**ናይ ሕጊ ፍትሕን ጸጥታን ሚኒስተር**

ሰነ 2019
*Tigrinya*

**መግለጺ**
**ጸረ-ምኽንሻብ**
**ደቂ-ኣንስትዮ**

እዚ ቃል-መግለጺ በዞም ዝስዕቡ ዘተደገፈ እዩ፡

*Angela Bransen*
ActiZ መንእሰይ

*Astrid Nielen*
AJN ሓካይም መንእሰያት ኔደርላንድ

*dhr. A. Ware*
ናይ ሶማል ፈደረሽን ኣብ ሆላንድ

*Annemieke van der Bas*
ማሕበር እምንቶኣዊ-ሓካይም ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ህጻናትን ቤታዊ ዓመጽን (VVAK)

*mw. Y.A.J.M. Dabekausen*
ናይ ዳች ናይ ምህጸን ሰራሕተኛታት ማሕበር

*dhr. H.A.M. Backx*
ናይ ዳች ምምሕዳር ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ኣብ ሆላንድ

*René Héman*
ናይ ዳች ነገስታት ማሕበር ሕክማና

*Mieke Beentjes*
ናይ ዳች ማሕበር መሕርስቲ

*mw. drs. P. Heijdenrijk*
ፋሮስ፡ ማእከል ክኢላታት ፍልልያት ጥዕና

*mw. drs. F. Z. Özgümüş*
ናይ ሰደተኛታት ምሕበር ኣብ ሆላንድ

*Ruimte voor ouders ter ondertekening:*

መግለጺ ጸረ-ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ